መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# እቲ ፍቁር ውሉድ፡ ባርያ ኮይኑ



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Byron Unger; Lazarus; Alastair P.

ኣወሃሃዲ፣ M. Kerr; Sarah S; Alastair Paterson

ትርጉም ፥ Daniel Efrem

ኣበዛሒ፡- Bible for Children

www.M1914.org

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዘንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ኢሳቅ ብጣዕሚ ሕጉስ እዩ ነይሩ። ያቆብ ድማ ኣብ ቤት ተቀሚጡ ነበረ።ኤሳው ውን ሓደ ግዜ እኳ ንያቆብ ክቀትሎ ሓስቡ እንተ ነበረ፡ ሕጂ ግን ደስ ኢልዎ እዩ ተቀቢልዎ። ደቂ ያቆብ ግን ብሓዎም ዮሴፍ ሕጉሳት ኣይነበሩን፡ እቲ ምኽንያት ከኣ ኣቦኦም ንዮሴፍ ብፍሉይ ይፈትዎ ምንባሩ እዩ።



ኣሕዋት ዮሴፍ፡ ሕልሙ ምስ ነገሮም ብጣዕሚ እዮም ሓሪቆም። " ናተይ እንዳእቲ ካብ ኩሉ እንዳእቲ ንላዕሊ፡ ነዊሕ ነበረ። ናትኩም እንዳእቲ ድማ ነቲ ናተይ እንዳእቲ ሰገደሉ" ኢሉ ዮሴፍ ሕልሙ ነገሮም። እዚ ሕልሚ ዮሴፍ ካብ ኩሎም ኣሕዋቱ ንላዕሊ ክቡር ክኸውን እዩ ማለት እዩ።





ኣብ ካልኣይ ሕልሚ ናይ
ዮሴፍ፡ ጽሓይ፡ ወርሕን
ከዋኽብትን ክሰግድሉ
ከለዉ እዩ ርእዩ።
ምስነገሮም ኣብኡ ያቆብ
እኳ፥ በዚ ሕልሚ ሕጉስ
ኣይነበረን። ምኽንያቱ
ዮሴፍ ካብ ወለዱ ንላዕሊ
ክቡር ክኸውን ኢዩ ማለት
እዩ።

ሓደ ግዜ ያቆብ፡ ናብ'ቲ ኣሕዋቱ ኣባጊዖም ዝጓስይሉ ቦታ ንዮሴፍ ሰድደዶ። ናብኣቶም ገጹ ክመጽእ ምስ ረኣይዎ ከኣ፡ "ንዑ ነዚ ሓላሚ ንቕተሎ" ኢሎም ተማኸሩ። ዮሴፍ ግን ኣሕዋቱ ዝሓሰብሉ ክፉእ ሓሳብ ኣይፈለጠን።



ሮቤል፥ እቲ ዓቢ ሓዎም ግን ምስ ሓሳቦም ኣይተሰማምዐን፡ "ደም ከነፍስስ የብልናን" ድማ በሎም። "ርኣዩ!፡ ኣብዚ ጉድጓድ ኣሎ።ኣብዚ ንደርብዮ" እሞ፡ ኣብኡ ይሙት!"፡በሎም ምስ መሰየ ካብቲ ጉድጓድ ከውጽኦ እናሓሰበ።



ዮሴፍ እቲ ዝኮነ
ከይፈለጠ ናብ
ኣሕዋቱ ምስ መጸ ከኣ
ሒዞም፡ ነታ ጽብቕቲ
ኣብኡ ብፍሉይ ንዕኡ
ኢሉ ዘስርሓሉ ጁባ
ቀንጠጥዎ። ብድሕሪኡ
ከኣ ናብ ኣዝዩ ክፉእ
ጉድጓድ ደርበይዎ።



ሮቤል ኣብ ዘይነበረሉ እዋን ድማ፡ ናብ ግብጺ ዝኸዱ ነጋዶ
ምስ ኣግማሎም በቲ ቦታ ይሓልፉ ነበሩ።
ይሁዳ ሓዋም ድማ ክሓልፉ ምስ ረእዮም፡
"ንዑ ንዮሴፍ ንሸጦ" በሎም። ምስቶም
ነጋዶ ንምሻጡ፡ ዋጋ ተሰማምዑ።
ንዮሴፍ ከኣ ብዕስራ ብሩር ሸጥዎ።





ዮሴፍ፡ ዝረድኦ ዘይብሉ፡ ካብ ዝፈትዎም ስድራቤቱን ዓዱን ርሒቑ ናብ ዘይፈልጦ ቦታ ይኸይድ ብምንባሩ ፈሪሑ ፡ ይበኪ ነበረ።





"እዚ ናይ ዮሴፍ ጁባ ድዩ?
ብደም ዝተባላሸወ እዩ።
ኣብ በረኻ ኢና ረኺብናዮ"
እቶም ጨካናት ኣሕዋት፡
ዮሴፍ ኣብ በርኻ ኣራዊት
በሊዕዎ ኢሉ ንክኣምን
ንያቆብ ዝበለዎ እዩ።
ያቆብ ዮሴፍ ሞይቱ ኢሉ
ክዳኑ ቀደደ ብዙሕ ውን
በኸየ። ብድሕርዚ ያቆብ
ዋላሓደ ከጸናንዖ
ኣይከኣለን።



ኣብ ግብጺ፡ ዮሴፍ
በይኑ ብምኳኑ ፈሪሑ
ነበረ። ግን ናብ ገዝኡ
ክምለስ ኣይክእልን
እዩ። ንሱ ኣብ እንዳ
ጶጢፋር እቲ ክቡር
ሓላፊ እዩ ባርያ ኮይኑ።
ጶጢፋር ዮሴፍ ትጉህ
ኣብ ስርሑ ድማ
እሙን ምኳኑ ይርእዮ
ነበረ።



ሓደ ግዜ'ዩ "ንስኻ ዝሰራሕካዮ፡ ኩሉ ጽቡቅ እዩ
ዝኸውን" በሎ ጶጢፋር ንዮሴፍ። "ኣምላኽ ምሳኻ
እዩ! ፡ ስለዚ ኣብ ኩሉ ቤተይ ንስካ ዝለዓልካ
ኣዛዚኢን ሓለቃ ናይ ኩሎም ባራዩን
ክትከውን ኢካ" በሎ። ኣምላኽ
ድማ ዮሴፍ ኣብኡ ብምህላዉ ፡
ንቤት ጶጢፋር ባረኻ፡ ብዙሕ
እቶት ድማ ሓፈሱ።በዚ ድማ
ዮሴፍ እሙን ኮይኑ ንጎይትኡ
ጶጢፋር የገልግሎ ነበረ።ሓደ
መዓልቲ ግን ንዮሴፍ ፈተና መጸ።

ሰበይቲ ጶጢፋር ተንኮለኛ እያ ነይራ። ንሳ ዮሴፍ ኣብ ሰብኣያ ጶጢፋር ክፉእ ክገብር እያ ኣዚዛቶ። ዮሴፍ ግን ንሓሳባ ኣይተቀበሎን። ንጶጢፋር በዲሉ፡ ኣብ ኣምላኽ ሓጢኣት ኣይሰርሕን እየ ድማ በለ። ሰይቲ ጶጢፋር ብሓይሊ ክትብሎ ምስ ሓሰበት ከኣ፡ ዮሴፍ ሃደመ። ንሳ ግን ነቲ ለቢስዎ ዝነበረ ጁባ ሓዘቶ።



"እቲ ባርያኻ ክፉእ ገበረኒ!" ሰይቲ ጶጢፋር ኣጕረምረመት።"ርእ! ጁባኡ እንሆለ" በለት ወሲኻ። ጶጢፋር እዚ ምስ ሰምዐ ተቆጥዐ። ምናልባት ሰበይቱ ትሕስዎ ከምዘላ ይርድኦ ነይሩ፡ ግን ገለ ነገር ክገብር ኣለዎ። እንታይ ኮን ይገብር ይኸውን!?





ጶጢፋር ንዮሴፍ ኣብ ቤት
ማእሰርቲ ኣእተዎ። ሽሕኳ
ንጹህ እንተነበረ፡ ዮሴፍ ግን በዚ
ኣይሓረቀን። ካብቲ ዝሓለፎ
ኩነታት፡ ዮሴፍ ፡ ኣብ ዝሃለወ
ኩነታት ይሃሉ ንኣምላኽ
እንተ ኣኽቢርዎ ኣምላኽ ውን
ከምዘኽብሮ ተረዲዎ ነበረ።
ዋላ ኣብ ቤት ማእሰርቲ!

እቲ ፍቑር ውሉድ፡ ባርያ ኮይኑ

ዘንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘፍጥረት 37፡ ዘፍጥረት 39

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን
ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ
የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቐቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኹ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ
ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ
ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ
ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ
ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ
3፡፡16